Washington State Health Care Authority

# Apple Health ፅሑፍ መልእኽቲ

ካብ ሜይ 2023 ጀሚሩ ናይ ጥዕና ክንክን በዓል ስልጣን (HCA) ዓማውል ዘለዎም ሽፋን መድሕን ንክቕፅል ብዛዕባ እቲ ናይ ምሕዳስ ከይዲ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ይልእኽ ኣሎ።

HCA ብተወሳኺ ድማ ኣብ ክንዲ ማሕበራውን ጥዕናን ኣገልግሎት (DSHS) ነቶም ብቑዕነት ገምጋም ከቕርቡ ዝግብኦም ዓማውል እውን መልእኽቲፅሑፍ ኣብ ምልኣኽ ይርከብ።

## Apple Health (Medicaid)

Apple Health ሽፋን ዘካትቶም ውልቀሰባት፡

- ዕድሞኦም ካብ 19 ክሳዕ 64 ዝኾኑ ዓበይ ሰባት።
- ንህፃናት ዘመልክቱ ሰባት።
- ምስ ህፃን ብምዃን ዘመልክት ዘሎ ዓብይ ሰብ ወይ ተኸናኻኒ።
- ነፍሰፁር ወይ ነፍሰፁር ንዝኾነ ሰብ ዘመልክት ሰብ።

### ፅሑፍ መልእኽቲ

ናይ Apple Health ዓማውል እዚ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ዝበፅሖም ናይ ሽፋን መሐደሲ እዋን እንተበፂሑን።

| | |
|---|---|
| Apple Health (Medicaid): መልእኽቲ ካብ ግዘ ናብ ግዘ ይፈላለይ። ናይ መልእኽትን ዳታ ክፍሊት ክህልዎ ይኽእል። እዚ ንምቁራፅ ደው ኣብል (STOP) ዝብል ምላሽ ኣቕምጥ። ሓገዝ ንምርካብ ወይ T&C ንምርኣይ hca.wa.gov/text ጎብንዩ። | |
| ሽፋንኩም ቀፃልነት ንክህልዎ ናይ Apple Health መድሕን ዝሕደሰሉ እዋን እዩ። ወርሒ ቅድሚ ምውድኡ wahealthplanfinder.org ጎብንዩ። | |

### ምሕዳስ ከይዲ ብኸመይ የካይዶ?

ሽፋን ንምሕዳስ ዝተፈላለዩ ኣማርፃት ኣለው እዮም፡

- **ኦንላይን**: [Washington Healthplanfinder] ብምእታው።
- **ሞባይል መዘውተሪ** እቲ [WAPlanfinder app] መተግበሪ ኣውርድ
- **ተሌፎን**: ናብ Washington Healthplanfinder ደገፍ ማእኸል ብ 1-855-923-4633 ደውል።
- **ወረቐት**: [ናይ ጥዕና ክንክን ሽፋን መመልከቲ (18-001P)]ምእታው።
- **ብኣካል**: ከባብያዊ ፍልፍላት ብዘይገለ ተወሳኺ ክፍሊት እቶም ዓማውል ንጥዕና ሽፋን ኣብ ምምልካት ክሕግዞም ይኽእል እዩ። [ከባብያዊ ምዝገባ ደገፍ] | [ካርታ]

ብዛዕባ [ሽፋን ምሕዳስ] ምፍላጥ።

## ናይ ጥንቲ Medicaid

ናይ ጥርቲ Medicaid ዘካትቶም ውልቀሰባት፡

- ዓብይ ሰብ 65 ወይ ልዕሊኡ።
- ዓይነ ስውራን ወይ ስንክልና።
- ን Medicare ብቑዕ ዝኾኑ።
- ናይ ነዊሕ እዋን ኣገልግሎት ወይ ደገፍ ዘድልዮም።

### ብ DSHS ኣቢለ ናይ ጥዕና ክንክን ሽፋን ይረክብ እየ። HCA ንምንታይ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ይልእኸለይ?

HCA ናይ ዋሽንግተን ስቴት Medicaid ኤጀንሲ እንትኸውን፡ እዚ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ዝልእኽ ዘሎ ኣብ ክንዲ DSHS እዩ። DSHS ን Medicaid ዘመሓድሮ እንትኸውን ብተወሳኺ ድማ ጥንታዊ Medicaid ተባሂሉ ይፅዋዕን ዕድሞኦም ልዕሊ 65 ንዝኾኑ፡ Medicare ወይ፡ ስንክልና ወይ ዓይነ ስውርነት ንዘለዎም የገልግል።

Washington State Health Care Authority

**ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ**

ጥንታዊ Medicaid ዓማውል ብDSHS ኣቢሎም ሽፋን ይረኽቡን ኣብ ዝሕድስሉ እዋን ድማ እቲ ናይ ፅሑፍ መልእኣኽቲ ክበፅሖም ይኽእል።

| |
|---|
| Apple Health (Medicaid): መልእኽቲ ካብ ግዘ ናብ ግዘ ይፈላለይ። ናይ መልእኽትን ዳታ ክፍሊት ክህልዎ ይኽእል። እዚ ንምቁራፅ ደው ኣብል (STOP) ዝብል ምላሽ ኣቐምጥ። ሓገዝ ንምርካብ ወይ T&C ንምርኣይ hca.wa.gov/text ጎብንዩ። |
| ሽፋንኩም ንክቕፀል ናይ DSHS ብቑዕነት ግምገማ እትመልእሉ ግዘ እዩ። ወርሒ ቅድሚ ምውድኡ washingtonconnection.org ጎብንዩ። |

**ናይ ብቑዕነት ገምጋም ብኸመይ የካይዶ?**

ሽፋን እተመሓይሽ ዝተፈላለዩ መንገድታት ኣለው እዩም፡

- **ኦንላይን** ናብ ዋሽግተን ኮኔክሽን (Washington Connection) እተው።
- **ወረቐት**: ዕድመኦም ዝደፍኡ፡ ዓይነ ስውራን፡ ስንኩላት/ነዊሕ እዋን ክንክን ሽፋን (HCA 18-005) መመልከቲኣእትው።
- **ተሌፎን**: ናብ 1-877-501-2233 ብምድዋል መመልከቲ ሕተቱ።
- **ብኣካል:** ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ናይ ማሕበራው ጥዕና ኣገልግሎት (DSHS) ቤት ፅሕፈት ጎብንዩ።
  - ዕድምኦም ዝደፍኡ፡ ዓይነ ስውራን ወይ ኣካለ ስንኩላን: DSHS ኮማዊ ኣገልግሎት ቤት ፅሕፈት
  - ንነዊሕ እዋን ኣገልግሎትን ደገፍን ገዛን ኮማዊ ኣገልግሎት ቤት ፅሕፈት

ብዛዕባ ሽፋን ምሕዳስ ተወሳኺ ንምፍላጥ።

## ናብ ጥንታዊ Medicaid ወይ Medicare ምስግጋር

**ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ**

ናብ ጥንታዊ Medicaid ወይ Medicare ዝሰጋገሩ ዓማውል እዚ ዝስዕብ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ይበፅሖም እንተኾይኑ እቲ ሽፋኖም ከሰጋግሩን ናብ DSHS ዘመልክትሉ ግዘ እዩ። እዚ ድማ እቲ ዓሚል ዕድምኡ 65 ወይ ልዕሊኡ ክኸውን ከሎ ን Medicare ብቑዕ ይኸውን።

| |
|---|
| Apple Health (Medicaid): መልእኽቲ ካብ ግዘ ናብ ግዘ ይፈላለይ። ናይ መልእኽትን ዳታ ክፍሊት ክህልዎ ይኽእል። እዚ ንምቁራፅ ደው ኣብል (STOP) ዝብል ምላሽ ኣቐምጥ። ሓገዝ ንምርካብ ወይ T&C ንምርኣይ hca.wa.gov/text ጎብንዩ። |
| ናብ Medicaid ወይ Medicare ቁጠባ ኣገልግሎት ንምምዝጋብ ሕጂ ሰጉሙ። ወርሒ ቅድሚ ምውድኡ washingtonconnection.org ጎብንዩ። |

**ብኸመይ ናብ Medicaid ወይ Medicare ከመልክት ይኽእል?**

ናብዚ ሽፋን ንምምልካት ዝተፈላለዩ ኣማራጽታት ኣለው፡

- **ኦንላይን** ናብ ዋሽግተን ኮኔክሽን (Washington Connection) እተው።
- **ወረቐት**: ዕድመኦም ዝደፍኡ፡ ዓይነ ስውራን፡ ስንኩላት/ነዊሕ እዋን ክንክን ሽፋን (HCA 18-005) መመልከቲኣእትው።
- **ተሌፎን**: ናብ 1-877-501-2233 ብምድዋል መመልከቲ ሕተቱ።
- **ብኣካል:** ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ናይ ማሕበራው ጥዕና ኣገልግሎት (DSHS) ቤት ፅሕፈት ጎብንዩ።
  - ዕድምኦም ዝደፍኡ፡ ዓይነ ስውራን ወይ ኣካለ ስንኩላን: DSHS ኮማዊ ኣገልግሎት ቤት ፅሕፈት
  - ንነዊሕ እዋን ኣገልግሎትን ደገፍን ገዛን ኮማዊ ኣገልግሎት ቤት ፅሕፈት

ብዛዕባ ሽፋን ምሕዳስ ተወሳኺ ንምፍላጥ።

Washington State Health Care Authority

# ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

## እዚ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ንምንታይ ይረክብ ኣለኹ?

መረዳእታና ከም ዘመላኸቶ ንስኹም ወይ ሕጋዊ ወኪልኩም (AREP) ቁፅሪ ቴሌፎኩም ሂብኩምና ኢኹም፡ ሽፋንኩም ቀፃልነት ንክህልዎ ንስኹም ወይ AREP ሽፋንኩም ንክትሕድሱ ንደሊ። እዚ ሞባይል ቴሌፎን ኣብ ቀረባ እዋን እንተድኣ ሒዝክምዎን ናይ Apple Health ወይ Medicaid ዓሚል እንተዘይኮይንኩም ነዚ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ሸለል በልዎ።

## እዚ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ዝለኣኸሉ ዘሎ ቁፅሪ ካበይ እዩ?

HCA ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ዝልእኸልኩም ካብ 888-689-5016 እዩ።

## Apple Health ወይ ጥንታዊ Medicaid ሽፋን እንተዘይብለይከ?

Apple Health ወይ Classic Medicaid እንተዘይሃልይኩም ድማ ንዝኾነ ዘለዎ ሰብ ዝተሰሓሓተ ቁፅሪ ቴሌፎን ወይ ዘይተመሓሸ ቁፅሪ ሒዝና ኣለና ማለት እዩ። ምንም ዓይነት ስጉምቲ ምውሳድ እንከየድለየኩም ‹‹ኣቋርፅ›› (“STOP”) ኢልኩም ብምምላስ ተወሳኺ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ከይበፅሓኩም ክትገብሩ ትኽእሉ።

ንጡፍ ዝኾነ ናይ ProviderOne ኣገልግሎት ካርድ እንተሃልይካ ወይ ንማነጅድ ክንክን ትልሚ እንተተመዲብካ Apple Health ኣለካ። እቶም ዝመሓደሩ ክንክን ትልምታት፡

- ኣምሪግሩፕ ዋሽንግተን
- ናይ ዋሽንግተን ዝተሓባበረ ክንክን
- ናይ ዋሽንግተን ኮማዊ ጥዕና ትልሚ (Community Health Plan of Washington)
- ናይ ዋሽንግተን ሞሊና ክንክንጥዕና
- ዩናይትድ ሄልዝኬር ኮማዊ ትልሚ

## ክንደይ ግዘ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ይበፅሓኒ?

ኣብዚ ሕጂ እዋን ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ እንልእኽ ዝኾነ ኣባል ስድራ እቲ ዘድልይ ናይ ምሕዳስ ወይ ብቑዕነት ገምጋም እንተዘየእተዩ እዩ። ካብ ማነጅድ ክንክን ትልሚ መልእኽቲ ክለኣኽልኩም እንተድኣ ተቐቢልኩም ድማ ንሶም እውን ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ክልእኹልኩም እዮም።

## ካብ ሕጂ ንድሓር ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ክበፅሐኒ እንተዘይደልየኸ?

ናብቲ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ኣቋርፅ (“STOP”) ብምባል እቲ መልእኽቲ ዳግማይ ኣይለኣኽልኩምን።

## እቲ ሽፋን ንክቕፅል ብሞባይለይ ንክኸፍል ዝሓትት መልእኽቲ በፂሕኒ። ልክዕ ድዩ?

HCA፡ DSHS፡ ን Washington Healthplanfinder ኣብ Apple Health ሽፋን ንምምዝጋብ ኮነ ንምሕዳስ ናይ ገንዘብ ክፍሊት ንክትኸፍሉ ኣይሓትትን። ጉሒላታት ናብ ዓማውል ብምድዋልን ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ብምልኣኽ ናይ Medicaid ሽፋኖም ንምምሕያሽ ክኸፍሉ ይሓትዎም ኣለው። ዝኾነ ካብ HCA፡ DSHS, ወይ Apple Health እየ ብምባል ንዝድውለልኩም ዝኖነ ሰብ ናይ ባንኪ ወይ ክረዲት መረዳእታኹም ኣይተካፍሉ።

ጉሕለት እዩ ኢልኩም ዝሓሰብክምዎ መልእኽቲ ፅሑፍ ወይ እንተተደዊልልኩም ምላሽ እንከይሀብኩም ዕፀውዎ። ጉሕለት እንተድኣ ኣሎ እቲ ጥርዓን ናብ HCA ክተቕርቡ ትኽእሉ፡

- ኢመይል፦ WAHeligibilityfraud@hca.wa.gov
- ናይ ድምፂ መልእኽቲ፡ (360) 725-0934
- ፋክስ፦ (360) 725-1158, Attn: WA Apple Health ጉሕለት

## ሕቶ እንተድኣ ኣለኒ ንመን ይረክብ?

**Apple Health (Medicaid):** ዕድመኹም ትሕቲ 65 እንተኾይኑ፡ ህፃን እንተድኣ ኣለኩም ወይ ነፍሰፁር እንተኾይንኩም ናብ HCA ሕክምና ደገፍ ኣገልግሎት ማእኸል ብ 1-800-562-3022 ደውሉ ወይ ኢሜይል askmagi@hca.wa.gov ግበሩ።

**ጥንታዊ Medicaid:** ዕድመኹም 65 ልዕሊኡ እንተኾይኑ፡ ኣብ Medicare፡ ወይ ዓይነ ስውር ወይ ኣካል ስንኩል እንተኾይንካ ናብ DSHS ዓማውል ኣገልግሎት ማእኸል ብ 1-877-501-2233 ደውሉ።

# መስመር ኣልቦ ሕግታትን ናይ ምሸራውነት ፖሊሲ

ካብ ዋሽንግተን ስቴት ናይ ጥዕና ክንክ ሰበስልጣን መስመርኣልቦ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ንምርካብ ተመዝጊብኩም ኢኹም። ናብዚ መዘኻኸሪ ኣገልግሎት ብምምዝጋም ነቶ ሕግን ደንብታትን ትሰማምዑ ኣለኹም። እዚ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ንኽቋረፅ ደው ኣብል (STOP) ለኣኹ። ሓገዝ ንምርካብ ሓገዝ (HELP) ዝብል ለኣኹ።

መብዛሕትኦም መስመር ኣልቦ ኣገልግሎት ኣቕረብቲ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ኣገልግሎት የቕርቡ እዮም። ንመስመር ኣልቦ ምዝማን ንምምዝጋብ ክፍሊት እንተዘይሃለዎ እቲ ናይ መስመር ኣልቦ ኣገልግሎት ኣቕራቢኹም ሕድሕድ መልእኽቲ ከኽፍለኩም ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ተወሰኽቲ ወፃእታት ናይ ኣቕራቢኹም ዝርዝር ረኣዩ።

## ሕግን ደንብን

### ናይ ተጠቐምቲ ምሸራውነት

ናይ ዋሽንግተን ስቴት ናይ ጥዕና ክንክ ሰበስልጣን ካብ ዝተመረፁ ዓማውል መልእኽቲ ንምሕላፍ ወፃኢ ናይ ሞባይል ቁፅርኹም ንካልእ ዕላማ ኣየካፍን ከምኡ እውን ኣይጥቀመሉን።

### ተጠቐምቲ ክፍሊታት

ዋሽንግተን ስቴት ናይ ጥዕና ክንክ ሰበስልጣን ዓማውል ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ክኽፍሉ ከለው ክፍሊት ኣየኽፍልን። እንተኾነነ ግና መልእኽትን ዳታ ወፃእታት ክህልዎ ይኽእል እዩ።

### ክንደይ ግዘ (ድግግም)፡

መልእኽቲ ዝለኣኸሉ ግዘ ይፈላለይ።

### ንምቁራፅ

ንምቁራፅ (እቲ መልእኽቲ ንከይበፅሓኩም ንምግባር) ካብ ሞባይልኩም ኣቋርፅ (STOP) ዝብል ለኣኹ። ከም ዘቋረፅኩምዎ ብናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ክነረጋግፀልኩም እንትንኽውን ዳግማይ ክለኣኽልኩም እንተዘይሓቲትኩም ካብ ዋሽንግተን ስቴት ናይ ጥዕና ክንክን ሰበስልጣን ዝኾነ ተወሳኺ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ኣይለኣኽልኩም።

### መጠንቀቕታ

ዋሽንግተን ስቴት ናይ ጥዕና ክንክ ሰበስልጣን ምስዚ መደብ ተተሓሒዙ ዝለኣኽ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ እንተዘንጊዑ ሓላፍነት ኣይወስድን። እቲ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ብዝግባእ ዝበፅሕ እቲ ናይ መስመር ኣልቦ ኣገልግሎት ኣቕራቢ/ኔትዎርክ ኦፕሬተርኩም እኹል ፍጥነት እንተሃልይዎ እዩ። ብዝንግዑ ወይ ዘይበፅሐ መልእኽቲ እንተሃልዩ ተቐበልቲ ሓላፍነት ኣይወስዱን።

### ጉዳይ መግለፂ ተጠቐሙ

ናይ ዋሽንግተን ስቴት ናይ ጥዕና ክንክ ሰበስልጣን ምስ መረዳእታ ዝተተሓሓዘን ዋሽንግተን ስቴት ናይ ጥዕና ክንክ ሰበስልጣን ዝህቦም መንግስታዊ ኣገልግሎታት መልእኽቲ ክልእኽ እዩ።

## ሕቶታት?

ዝኾነ ሕቶ ወይ ፀገም ወይ ደገፍ እንተድኣ ደሊኹም ብኽብረትኩም support@granicus.com ርኸቡ።

## ምሽጥራውነት ፖሊሲ

ዋሽንግተን ስቴት ናይ ጥዕና ክንክ ሰበስልጣን ምሽጥራውነትኩም የኽብር እዩ። እቲ እትህቡና መረዳእታ እቲ ፅሑፍ መልእኽቲ ንምልኣኽ ጥራሕ ንጥቀመሉ ኢና። ብዘይካዚ ዝኾነ ዓይነት ሕጊ፣ ደንቢ፣ ወይ መንግስታዊ ሕቶ እንተቐሪቡ ተሓታትነት ንምክልኻል ወይ መሰልኩም ወይ ንብረትኩም ንምሕላው ኣድላይ ዝኾነ መረዳእታ ናይ ምክፋል መሰል ኣለና።

እቲ ቅጥዒ ኦንላይን ክትመልእ ከለኻ ወይ ነቲ ትካል መስመር ኣልቦ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲ ኣገልግሎት ንምርካብ መረዳእታ ክትህብ ከለኻ እቲ ትኽክለኛ፣ ምሉእን ሓቂ ዝኾነ መረዳእታ ንምሃብ ትሰማማዕ ኣለኻ። ዝተሰሓሓተ ወይ ዘሰሓሕት ሽም ወይ ክትጥቀምሉ ፈቓድ ዘይተውሃበኩም ሽም ንዘይምጥቃም ትሰማምዑ። ብናይ ዓርስና ምርመራ እዚ ዝዓይነቱ መረዳእታ ልክዕ፡ ትኽክል ወይ ዘይተማልአ ከም ዘይኮነ እንተኣሚና እዚ ኣገልግሎት ንከይትረኽቡ ክንገብርን ግቡእ ዝኾነ ሕጋዊ ስጉምቲ ክንወስድ ኢና።